National Institute for Public Health
and the Environment
*Ministry of Health, Welfare and Sport*

RIVM

A. van Leeuwenhoeklaan 9
3721 MA Bilthoven
Postbus 1
3720 BA Bilthoven
www.rivm.nl

T +31 88 689 8989
info@rivm.nl

ናብ ወለዲ/ኣለይቲ ናይ

ዕለት <ዕለት>
ኣርእስቲ ጉዳይ: ንውላድኩም ዝኸውን ናይ BMR ክትባት

ዝከበርኹም ወላድን/ ኣለይትን

ውላድኩም ናይ BMR ክትባት ንኽወስድ ዕድመ ንልእኽልኩም ኣለና።

**ናይ BMR ክትባት እንታይ እዩ?**
ናይ BMR ክትባ ንውላድኩም ካብ ሕማማት ጽግዕ፣ ንፍዮን ፍሮማይን ይከላኸለሉ እዩ።
እዞም ሕማማት እዚኣቶም ንውላድኩም ብኸቢድ ከሕምምዎ ዝኽእሉ እዮም።
ብዘይካ'ዚ እቲ ክትባት ውላድኩም ንኻልኦት ሰባት ሕማም ንኸየመሓላልፉ ይከላኸል እዩ።
ብፍላይ ድማ ኣብዚ እዋን እዚ ሰባት ብዝሒ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ስለ ዝጎዓዕዙ ዘለዉ ሕማም ንፍዮ ሓደገኛ እዩ።
እዚ ሕማም እዚ ኣዝዩ ተመሓላላፊ እዩ።

**ውላድኩም ናይ BMR ክትባት ወሲዱ ኔሩ ድዩ?**
ምናልባት ውላድኩም ድሮ ክትባት ዝወሰደ እዚ ግን ኣብ መዝገብና ዘይተመዝገበ ክኸውን ይኽእል እዩ።
ተኸቲቡ እንተ ኾይኑ ነዚ ኣብ መዝገብና ክንምዝግቦ ትደልዩ ዲኹም?
ከምኡ እንተ ኾይኑ ምስቲ ውላድኩም ዝተኸተበሉ ናይ ጥዕና ማእከል (ክሊኒክ) ተራኸቡ።

**እቲ ክትባት ኣበይ እዩ ዝወሃብ?**
እቲ ክትባት ብናይ ቆልዑት ክንክን ጥዕና ኢዩ ዝወሃብ። እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ከባቢኻ ኣብ ዝርከብ ናይ ጥዕና ማእከል እዩ ዝወሃብ።
ቈጸራ ንምግባር ምስ'ቲ ናይ ጥዕና ማእከል ተራኸቡ።
ቈጸራ ኣበይ ክትገብሩ ከም እትኽእሉ ኣብ rijksvaccinatieprogramma.nl/afspraak ክትርእዩ ትኽእሉ ኢኹም።
ናብ ቆጸራኹም ነዛ ደብዳበ እዚኣን ነቲ ንውላድኩም ዝተዋህቦ ናይ ክትባት ምስክር ወረቐትን ሒዝኩም ምጹ።

**ዝያዳ ክትፈልጡ ትደልዩ ዲኹም?**
ብዛዕባ እዞም ሕማማት ዝምልከት ዝያዳ ኽትፈልጡ እንተ ደሊኹም ኣብ rijksvaccinatieprogramma.nl ርኣዮ ።
ኣብኡ ብዛዕባ እቲ ክትባት ዘለዎ ጐዳኢ ሳዕቤናት ዝምልከቱ ሓበሬታት እውን ኽትረክቡ ኢኹም።
ገለ ሕቶታት ኣለኩም ድዩ? እምበኣር ንናይ'ቲ ናይ ጥዕና ማእከል ሓካይም ወይ ንኣላዪቲ ሕሙማት ክትሓትዎም ትኽእሉ ኢኹም።

ምስ ክቡር ሰላምታ፣

ያነ-ማሪ ሃመንት፣ ሓኪም
ናይ RIVM ሃገራዊ መደብ ክታበት ኣካያዲት ስራሕ